# ዜናዊ ጸብጻብ

## ንጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከት ውሳኔ ፓርላማ ኣውሮጳ

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ
20.11.2004

ነቲ ብኣፍሪቃዊ ኮሚሽን ናይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ወርሒ መጋቢት ኣብ ልዕሊ ኤርትራ እተወስደ ውሳኔ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ናይ ኣውሮጳ ፓርላማ፡

ሀ. ኣህጉራዊ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ውድባትን ዘይመንግስታዊ ትካላትን ተደጋጋሚ ምሕጽንታኺ እንተገበራ፤ ሰበ-ስልጣን ኤርትራ ዘይምትሕብባሮም ከምዘጕሃዮን፤ በቲ እናንቀልቀለ ዝኸይድ ዘሎ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ዓሚቝ ሻቕሎት ከምዘለዎ ይገልጽ፤
ለ. ንዲሞክራሲ ዝጠለቡ 11 ናይ ቀደም ኣባላት ናይቲ ገዛኢ ሰልፊ ህግዲፍ ዝኾኑ ኣባላት ፓርላማ፡ ካብ መስከረም 2001 ኣትሒዞም ብዘይ ክሲ ክሳዕ ሕጂ ምእሳሮም ኣትሪሩ ይኹንን፤
ሐ. ከምኡ ውን፡ ብመስከረም 2001 መንግስቲ ኣንጻር ናጻ ናይ ዜና ማዕከናት ብዝወሰዶ ናይ እገዳ ስጉምቲ፡ እንተውሓዱ 13 ዝኾኑ ጋዜጠኛታት ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ክሳዕ ሕጂ ምእሳሮምን ምስ ቤተ-ሰቦምን ካልኦት ዝምልከቶም ኣካላትን ከይራኸቡ ምእጋዶምን ይኹንን፤
መ. ብሰንኪዚ፡ ናይ ፕረስ ናጽነት ብተግባር የለን፤ እቲ ተሪፉ ዝነበረ ሓደ ናይ ወጻኢ ወኪል ዜና ኣብ ወርሒ ጥቕምቲ ካብ ኤርትራ ተባሪሩ፤
ሰ. ኣብ ሕዳር 2004 ካብ ወተሃደራዊ ኣገልግሎት ኮብሊልኩም ወይ ተሓቢኩም ካብ ዝብል ጥርጣረ በሽሕት ዝቑጸሩ መንእሰያት ምእሳሮምን፤ ምስ ቤተ-ሰቦም ከይተራኸቡ ኣብ ወተሃደራዊ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣቤቶ ተኣሲሮም ምህላዎምን፤ ናይ ስቅያትን ሕማቕ ኣተሓሕዛን ተግባራት ኣብ ልዕሌኦም ከይፍጸም ዓቢ ስግኣት ከምዘለዎን፤
ረ. ብሰንኪቲ ብ4 ሕዳር 2004 ኣብቲ ቤት ማእሰርቲ እተፈጥረ ህውከት እንተውሓዱ 12 ካብዞም እሱራት ከምዝሞቱን ብዙሓት ድማ ከምዝቘሰሉን ከምዝፈልጥ ድማ ይገልጽ።

የማነ ገብረመስቀል፡ ዋና ኣካያዲ ቤት ጽሕፈት ፕረሲደንት ኤርትራ፡ ሓድነት ኣውሮጳ ሓንቲ ከይፈለጠ፡ ካብ ኣምነስቲ ኢንተርናሽናል ዝመጸ ጸብጻብ ጥራሕ ኢዩ ዝቕበል ዘሎ ክብል ንዓይኒ ሓፋሽ ዝደፍን መግለጺ ብዓርቢ ዕለት 19.11.2004 ክህብ ተሰሚዑ። እዚ ከኣ፡ ንግደን ጽልዋን ናይ ሓድነት ኣውሮጳ ኣብ ኤርትራ ክሃስዮ ኢዩ ክብል ውን ኣፈራሪሑ። ከምኡ ውን ኣቶ የማነ፡ ነቲ ተጠባባቒ ሚኒስተር ዜና ኣቶ ዓሊ ዓብዱ ዝበሎ 2 ጥራሕ ኢዮም ሞይቶም ዝብል ሓሶት ብምድጋም፡ ህውከት ክህሉ ከሎ ሰባት ክሞቱ ይኽእሉ ኢዮም ብምባል ነቲ ኣብ ዓዲ ኣበይቶ ዲክታተርያዊ ስርዓት ኣስመራ ዝፈጸሞ ኣረሜናዊ ጭፍጨፋ ከቃልሎ ፈቲኑ። ቀጽሪ ናይቶም ኣብ ዓዲ ኣበይቶ እተቐትሉ መሳኪን ዜጋታት ካብ 12 ክሳብ 50 ዝበጽሕ ምዃኑ፡ ኤርትራውያን ናይ ዜና ማዕከናትን ኣምነስቲ

ኢንተርናሽናልን ኣብ ኤርትራ ዝርከቡ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማሰኛታትን ገሊጾም ምንባሮም ዝዝከር ኢዩ።

ቅድም ክብል ኣብ ልዕሊ ውግኣት ሓርነት ማይ ሓባር እተፈጸመ ማሕረድቲ፣ ኣብ ዊዓ ብሙቐትን ክቱር ስቅያትን ዝሞቱ ክልተ ንጹሃት ኤርትራውያን ተመሃሮን፣ በብዕለቱ ኣብ ልዕሊ ካብ ሰራዊት ክሃድሙ ዝፍትኑ ዜጋታት ዝፍጸም ዘሎ ማእሰርትን ቅንጸላን፣ ከምኡ ውን፣ መሬት ናይ መንግስቲ ኣይኮውንን ኢዩ ዝብል ተቓውሞታት ዝገበሩ ተቐማጦ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ዝርከባ ዓድታት፣ በብሓደ እናተጨውዩ ሃለዋቶም ይጠፍእ ከምዘሎ ንዝፈልጥ ዜጋ ግን፣ ብናይ ስርዓት ኣስመራ "ኣሉታ" ኣይታለልን ኢዩ ጥራሕ ዘይኮነስ፥ ሓድሽ ውን ኣይኮኖን ኢዩ።